ዝሩፍ ትውልዲ

መንእሰይ ኤርትራ ዝሩፍ ትውልዲ
ብዓመጽ ዝትሓዝ ዝቐፈድ ብግዲ
ከም ዓሳ ዝግፈፍ ከም ባርያ ዝዓዲ
ሂወት ተዓዲሉ ንቕዝፈት ዘናዲ
ብጃምላ ዝጕሓፍ፡ ዝወርድ ንማሕረዲ
ደጊሙ ዘይምለሶ ትማል ዝሓደሮ ንእዲ
ደጊሙ ዘይበልዓሉ ናይ ገዝኡ ምኣዲ
ዋይ፡ ዕሽላይ ኤርትራ ስኢኑ ኣባዲ

መንእሰይ ኤርትራ ዝሩፍ ትውልዲ
መውዓይ ዝጓሃረ መጋርያ መእጐዲ
በብቐንያቱ ዝእየድ ሓዊ ተሃንዳዲ
በብቐንያቱ ዝቃነ መርድእ መሰንበዲ
ኣደዳ መከራ ዓውዲ መሻቕጢ
ትንፋስ ተቐቢሉ ብቶሎ ዝነዲ
ሕኑቕ፡ ሕሉቐ ዘይውሃቦ ፍርዲ

እድርበሎ እስንዶ ከም ኩቦ ናብ ሓዊ
ዝተኸርተመ ነቒጹ ንተስካር መጻለዊ
ምሳር ምልኪ ትጸናጸን ዝቦቘለ ከተድዊ
ሓዘን ንኽኣቱ ንልብና ክጠዊ
ቋሬጣ ክንበልዕ ንነብስና ዘየሕዊ

ኣነ ዝገርመኒ ናይ ወዲ ሰብ ተዓሻዊ
ዝምሕል ዝጥሕል ብጣኦት ዓናዊ
ዝምካሕ ዝንያሕ ብምልኪ ጨናዊ
ካብ ምራኽ-ምስሊ ጸባ ተሃንቃዊ
ካብ ስርዓት ፈርዖን እቲ ዓቢ ደማዊ
ሂወት እቀበጽ ንዓና ዘሕዊ

መንእሰይና ክጅልዓፍ ወላዲ ከእዊ
ቀብርና ክጠርዕ ንናይ ትንፋስ ሓላዊ
እንታይ ኣምጽኦ ሳዕስዒት ንኣፈ-ወርቃዊ
ዲናራት ምእካብ ገዝሚ መፋነዊ
ንብረት በቐል ኽሽመት ንዓዲ መዕነዊ
ሃገራውነትና ክንነቀኖር ክንስእን ፈታዊ
ንጉሥ ሳሕል'ስኳ ኣይስእን'ዩ ንትርቡሉ መእተዊ
ንስኻ'ሽ እንታይ ትብል ኤርትራዊ፡ ሕጂ'ሽ እንታይ ትጸዊ

ሰለሙን እከኣሎ